ሓዳስ ኤርትራ

# “መጽሓፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ - ክብርን ሓድነትን ዘንጸባርቕ ኰይኑ’ዩ ተዳልዩ”

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ሓሙስ 30 ሓምለ 2015

ኣብዚ ዓለም ብደፋኢ ሓይሊ ናብ ቁሸት ተቐይራትሉ ዘላ እዋን፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ዓውሎማ፡ ኣብ ምብራዝ ክብሪታትን ሓድነትን ዘለዎ ግደ ኣቃሊልካ ዝርአን ዝሕለፍን ኣይኰነን። ነዚ ንምቅላስ፡ ብፍላይ ኣብ ቈልዑን መንእሰያትን፡ ኣብ ክብሪታትን ሓድነትን ዘተኰረ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ክህሉ ሓጋዚ’ዩ። ዝያዳ ንምብራህ፡ ነቲ ብዘይ ስሩዕ ትምህርቲ፡ ካብ ወለዶ
ናብ ወለዶ እናተወራረሰ ዝመጸ ዘሐብን ክብሪታትን ሓድነትን ህዝቢ፡ ናብዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ ብኣካዳሚያዊ መገዲ -ብመልክዕ ዜግነታዊ ትምህርቲ ከምዝምሃርን ከምዝሰጋገርን ክኸውን ኣገዳሲን እዋኑ ዝጠልቦን’ዩ ንምባል’ዩ።
ቈልዑን መንእሰያትን ብሰንኪ ዘለዎም ዘይበሰለ ዕድመን ድሩት ተመክሮን ፍልጠትን፡ ብዝርእይዎን ዝሰምዕዎን ተጸለውቲ’ዮም - ብፍላይ ብኣብለጭላጭን ኣወናዋኒን ትሕዝቶ ዓውሎማ። ነቲ ዓውሎማ ብዝተፈላለየ መራኸቢታት ሓቝፉ ዘምጽኦም ዘሎ ሕውስዋስ - ጽቡቕን ክፉእን - ክፈልዩ ብቕዓት ስለዘይብሎም ግን፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ደለይቲ ለውጢን ሓዲሽ ነገር ናይ ምስዓብን ባህሪኦም፡ ነዚ ዋልታ ዝኾኖም ፍልጠት ከምዝዓጥቁ ምግባር የድሊ። ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብስሩዕ መገዲ ንቕሓት ንተማሃሮ ዘበርኽ ዜግነታዊ ትምህርቲ ይውሃብ ብዘይምንባሩ፡ ኣብ ምውርራስ ክብሪታት፡ ኣብ ወለዲን ብዓቢኡ ድማ ንሚኒስትሪ ትምህርቲን ስክፍታ ክፈጥር ጸኒሑ’ዩ።
ብዜና ከምዝተኸታተልናዮ፡ ብምትሕብባር ሚኒስትሪ ትምህርቲን ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን፡ ካብ 4ይ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ዘገልግሉ ናይ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ መጽሓፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ ተሓቲሞም ካብ ዓመተ ትምህርቲ 2015/16 ንኣገልግሎት ድሉዋት ኰይኖም ኣለዉ። እቲ ከም ኣካል ናይ’ቲ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2003/2004 ዝተኣታተወ ለውጢ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ ተዳልዩ ዘሎ መጽሓፍቲ፡ ብቐንዱ ብስነ-ምግባርን ክብርታትን ሕብረተ-ሰቡ ዝተሃንጸ፡ መሰላቱን ግቡኣቱን ኣማእዝዩ ዝፈልጥ፡ ንቑሕ፡ ብቑዕ፡ ንጡፍ፡ ኣኽባሪ ሕጊ፡ ፈታው ስራሕን ተረካብ ሃገርን ዜጋ ንምህናጽ ዝሕግዝ ምዃኑ፡ ኣብ ምድላዉ ዝተሳተፉ ክኢላታትን ጸሓፍትን ገሊጾም። ንሳቶም ነዚ ዝገለጹ፡ ብዛዕባ’ቲ ድሮ ተሓቲሙ ዘሎን ናብ ናይ ኣደ ቋንቋታት ዝተተርጐመን መጽሓፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ እንታይ ከምዝመስል ንጋዜጠኛታት ውሽጢ ሃገር መብርሂ ንምሃብ ኣብ ቀጽሪ ሚኒስትሪ ዜና ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ’ዮም።
ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ኣካዳሚያዊ መጽሓፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ ምስ መትከላት ሃገራዊ ቻርተር ተሳንዩ ዝተዳለወ ከምዝኾነ ብምብራህ፡ ኣብ ምስንዳኡ ምስ ጸሓፍቲን ክኢላታትን እናተረዳዳእካ ሓያል ጻዕሪ ዝሓተተ ምንባሩ ኣረዲኦም። ከምኡ’ውን በብደረጃኡ ዕምቈት እናወሰኸ ዝኸይድ፡ ዝነግር ወይ ዘዘንቱ ጥራይ ዘይኰነስ፡ ኣሳታፊ ትሕዝቶ ብዘለዎ ሰሓቢ ኣገባብ ዝተዳለወ፡ ኣብ ኵሉ ምዕራፋት ድማ ንኽብሪታትን ሓድነትን ዘንጸባርቕ ኰይኑ ተዳልዩ ምህላዉ ኣረዲኦም። ነዚ ዜግነታዊ ትምህርቲ ንምድላው፡ ኣዳለውቱ ብዙሕ መወከሲ ጽሑፋት’ዮም ፈቲሾም። ብእኡ መሰረት ናይ ሃገራት ማላዊ፡ ሲንጋፖርን ጋናን ብዕምቆት ርእዮሞ ከምዝፈተሸ’ውን ሓቢሮም።
ኣካዳሚያዊ መጻሕፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ ካብ ሓደ ቋንቋ ኣደ ናብ ካልእ ኣደ ቋንቋ ክትርጐም ከሎ፡ ኣብ ኣሰራርዓ ዓረፍተ ነገር (syntax) እናተጠንቀቕካን ትርጒም ከምዝህብ እናገበርካን፡ ኣብ ኣበሃህላን ቋንቋን እናወሃሃድካ’ዩ ተተርጒሙ ዘሎ።

እዚ ከኣ ኣብ'ቲ ሕብረተሰብ ቅቡል ንኽኸውን ዝሕግዝ'ዩ። እንተኾነ፡ ኣብ እዋን ኣተራጓጕማ፡ ኣብቲ መጻሕፍቲ ኣብ ሕብረተሰብ ዝውቱራት ዘይኮኑ ዓበይቲ ቴርሚኖሎጂታት ስለዝነበሩ፡ ንምርዓሞም ገለ ብድሆታት ከምዝነበረ እቶም ከኢላታትን ጸሓፍቲን ዝገልጽዎ'ዩ።

ሓደ መጽሓፍ ዜግነታዊ ትምህርቲ ምስ ተተርጕመ፡ ሰለስተ ደረጃታት'ዩ ዝሓለፍ። መጀመርታ ቋንቋ እትፈልጥ ኮሚቴ ብዕምቆት ትርእዮ፡ ቀጺሉ ብመሰረት ኮሚቴ ዝሃበቶ ርእይቶ ተገምጊሙ ናብ ምኩራት መማህራን ይወርድ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ዳግም ናብ ኮሚቴ ተመሊሱ ይእረም። በታ ብቕዓት መጻሕፍቲ እትመሚ ክፍሊ ጽፉፍ ምስ ተባህለ ከኣ ናብ ሕትመት ይለኣኽ።

ኣብዚ ተሳትፎን ርእይቶን ሳዕለዎት ዝምልከቶም ሓለፍቲ ዕዙዝ ምንባሩ እቶም ኣብ ምድላው ዝተሳተፉ ክኢላታትን ጸሓፍቲን ይሕብሩ። ዜግነታዊ ትምህርቲ ኣብ መዋእለ-ህጻናት ብዘይስሩዕ ኣገባብ ዝወሃብ'ኳ እንተኾነ፡ ካብ ራብዓይ ክፍሊ ንላዕሊ ግን መምሃሪ መጻሕፍቲ ተዳልዩሉ ብስሩዕ ከወሃብ ሕጂ ንፈለማ ግዜኡ ከኸውን'ዩ። ናይ 9ይ ክፍሊ ድሮ ከንደፍ ከሎ፡ ካብ 10ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘገልግሉ መጽሓፍቲ ድማ ኣብ ናይ ምድላው መስርሕ ከምዝርከቡ'ውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ተሓቢሩ። ኣካዳሚያዊ መጽሓፍ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ ብመሰረት ባህሪ ሓዲሽ ስርዓተ ትምህርቲ ዝተዳለወ ኰይኑ፡ ኣብ ትሕዝቶኡ ማለት ክጭበጡ ዝኽእሉ ውጽኢት ምህሮ ዘድሃበን፡ ደረጃን ዕድመን ተማሃሮ ኣብ ግምት ኣእትዩ እናሰፍሐን እናዓሞቐን ዝዓቢ (spiral)፡ ሰፊሕ፡ ዝኑቕ፡ ግብራዊ ዝኾነን፣ ኣብ ኣገባብ ኣመሃህራኡ ከኣ ተማሃራይ ዘማእከለ፡ ኣሳታፊን መለሳ ዘለዎን፣ ኣብ ምዘና/ግምገማ (assessment) ድማ ውጽኢት ምህሮ ማዕረ ክንደይ ከምዝተጨበጡ ንምግምጋም ብቐጻሊ ዝካየድ ገምጋማ ዘተኮረ'ዩ። እዚ ከኣ ምስ መነባብሮ ተማሃሮ ዝኸይድ ስለዝኾኑ፡ ኣረኣእያ ተማሃሮ ንኽሰፍሕ ተባሂሉ ዝተገብረ'ዩ። ንተማሃሮ ከኣ፡ ብዛዕባ ክብሪታትን ሃገራዊነትን ንዝህልዎም ኣጠማምታን መረዳእታን ንኽሰፍሑ ክገብሮም'ዩ።

ዜግነታዊ ትምህርቲ ሰፊሕ ዝገብሮ መምስ ደረጃ ትምህርቲ እናሰፍሐ ስለዝኸይድ'ዩ። ንኹሎም ተማሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ፡ መለሳ ዘለዎ፡ ኣሳታፊን ደፋኢን ብምዃኑ ከኣ፡ ቈልዑ ብዛዕባ ዜግነታዊ ትምህርቲ ምስ ዕድሚኦም እናዕበየ ዝኸይድ ፍልጠት ከቕስሞም'ዩ።



ዜግነታዊ ትምህርቲ ካብ 1993 ተሓሲብሉስ፡ ብዛዕባኡ ሃገራዊ ዋዕላ ከምዝካየደሉ ተገይሩ ነይሩ'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ 1998 ንፈተነ ተባሂሉ ዝተዳለወ ዜግነታዊ ትምህርቲ ምንባሩ ይዝከር። እንተኾነ፡ መማህራን ብብቕዓት ስለዘይተዳለዉ ክትግበር ኣይተኻእለን።

ብመሰረት ሓበሬታ'ቶም ኣብ ምድላዉ ዝተሳተፉ ክኢላታትን ጸሓፍትን፡ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ ሽዱሽተ ዕላማታት ኣለዎ። ቀዳማይ ብዅልንትናኡ ዝዓበየ፡ ብቑዕ፡ ሓላፍነት ዝስከምን ተረካቢ ሕድሪን ዜጋ ምፍራይ፥ ካልኣይ፡ ብዙሕነት ሕብረተሰቡ ፈሊጡ፡ ብሃይማኖት፡ ፍልልያት ባህሊን ካልእን ምክብባርን ምጽውዋርን ኣጥርዩ ንሓድነት ከምዝጽዕር ምግባር፥ ሳልሳይ፡ ሕብረተሰቡ ዘኽብር፡ ብሕጊ ዝቐየድ፡ ሀርኩት ሰራሕተኛ ዜጋ ምፍራይ፥ ራብዓይ፡ መሰላቱን ግቡኣቱን ተረዲኡ ብእኡ ዘበርክት ዜጋ ምህናጽ፥ ሓሙሻይ፡ ፖለቲካን ስርዓትን ናይዛ ሃገርን ካልኦትን ፈሊጡ፡ ፖለቲካዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ንምምዕባል ዝቃለስ፥ ሻዱሻይ ድማ፡ ኣፍልጦኡ ብዛዕባ ዘባዊን ኣህጉራዊን ጉዳያትን ጽልዋ ዓውሎማን ካልእን ዓብዩ ከምዝከታተል ምግባር'ዩ። ዜግነታዊ ትምህርቲ ምስ ደረጃ ክፍሊን ዕድመ ተማሃሮን ዝፈላለ ስለዝኾነ፡ ኣብ መባእታ ብሓፈሻኡ ብዛዕባ ንዓበይቲ ምኽባር፡ ኣብ ዓበይቲ ሰብ ቅቡል ኣረኣእያ ከምዘጥሪ ምግባር፡ ስነ-ምግባር ሕብረተሰብ ምኽታል ዘተኮረ ትምህርቲ'ዩ ዝወሃብ። ብመልክዕ ስእሊ፡ ንህጻናት ብዝጥዕምን ብዝምስጥን ንዕኦም ከምዘሳትፉ ዝገብርን ኮይኑ ተዳልዩ ኣሎ። ኣብ ውሽጡ ድማ፡ ሕቶታት፡ ንጥፈታት (Activities)፡ ዛንታታት፡ ግጥሚታት፡ ተዋስኦ፡ ገይማት ወዘተ ትሕዝቶታት ሓቝፉ ይርከብ። እዚ ከኣ ኣብቲ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እቲ ቈልዑ ባዕሎም ከምዝመሃሩ ንምግባር'ዩ።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ዝወሃብ ድማ፡ ብዛዕባ ምስ ዕድሜኡ ዝኸይድ ዝምድናታት ምዕባይ፡ ዕቑር ሓይሉን ዝንባለኡን ምዕባይ (self-esteem)፡ ምስ ህሉው ፖለቲካ ሃገር ምልላይ ማለት ምስ ባንዴራ፡ ኣርማን ካልእን ከምዝላለ ዝገብር፡ ብዛዕባ ሃይማኖት፡ ምህናጽ ሃገር፡ ዝተኻየደ ታሪኻዊን ጅግንነታዊን ቃልሲ ምምሃር ኣብ ዝብሉ ዘተኮረ'ዩ። ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝወሃብ ዜግነታዊ ትምህርቲ ከኣ፡ ኣብ ስርዓተ መንግስቲ፡ ምሕደራን ፖለቲካዊ ስርዓትን ኣፍልጦኡ ኣዕቢዩ፡ ኣብ ዕብየትን ህንጸትን ሃገር፡ ንሓድነትን ምክብባርን ሕብረተሰብ፡ ምዕቃብ ክብሪታት ከምዝዋሳእ ንምግባር ዘጠቓለለ'ዩ። መጻሕፍቲ ተዳልዮም ማለት ግን እኹል ኣይኮነን። ባህሎም፡ ታሪኾምን ክብሪታቶምን ዝፈልጡ ብቑዓት መማህራን የድልዩ። ነዚ ጸገም ንምፍታሕ፡ ብዓቢኡ መማህራን ናይ ምስልጣን መደብ ተታሒዙ'ኳ እንተሎ፡ ዛጊት ግን ካብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ሓደ ወይ ክልተ ሰብ ብዛዕባ'ቲ ተሓቲሙ ዘሎ መጻሕፍቲ ከምዝላለዩ ተገይሩ ኣሎ።

ምድላው ኣካዳሚያዊ መጻሕፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ፡ ዓቢ ዓወት ስለዝኾነ ዮሃና ዘብል'ዩ። ካብ ዝተሓተ ክሳብ ዝለዓለ ደረጃ፡ ዕምቆቱ እናሓለወ ዝወሃብ ትምህርቲ ብምዃኑ ከኣ፡ ነቲ ብዝተፈላለየ መልክዕ ኣንጻር ሓድነትናን ክብሪታትናን ዝቀላቐል ተጻብኦታትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናትን ኣብ ምብርዓን ዋልታ ኮይኑ ክቃለስ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ከም ሻምብቆ ካብን ናብን ዘይዛውን፡ ወራሲ ክብሪታትን ተረካቢ ሃገርን ዜጋ ክሃንጽ ምዃኑ ኣየጠራጥርን። ዜግነታዊ ትምህርቲ ኣብ ክፍሊታት ጥራይ ምሃብ ግን ኣድማዒ ውጽኢት ክርከቦ ስለዘይክእል፡ ምሉእ ተሳትፎ ወለዲን መላእ ሕብረተሰብን ዝሓትት'ዩ። ኣካዳሚያዊ መጻሕፍቲ ዜግነታዊ ትምህርቲ ከኣ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት ዝኸለስ ክኸውን'ዩ።